ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

ናብ፣ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ኮምሽን ኤርትራ፣

ጉዳይ ነገረ-ሰንደቕን ኣቦ መንበር ሽማግለ ዜናን ሓበሬታን ብዝምልከት፣

ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ናይ ኮምሽን ሎጎ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ካርታን ባንዴራን ደራሪብካ ዝተሰርሐ ዜና ብዙሕ ሕቶታትን ዘይተደልየ ሳዕቤናትን ኣኸቲሉ ኣሎ። ሽሕኳ ምስ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ዘሎና ዝምድና ጽኑዕን ስትራተጂካውን ይኹን'ምበር፡ ብዙሓት ግዱሳት ኤርትራውያን ከይተረፈ፡ ነቲ ህግደፍ ህዝቢ ከደናግሩ ብመንገዲ መስከረም ዶት ኔት፣ ዝዝርግሖ ሕሱር ፕሮፓጋንዳ ተወሳኺ መረጋገጺ ሂብኩሞም ክብሉ ወቐሰኦም ኣስሚዖም ኣለዉ። ንሕና ኣባላት ኮምሽን ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዘይቅቡልን ዘይምኽኑይን ኮይኑ ረኺብናዮ። እዚ ተግባር'ዚ ምስቲ እንካይዶ ዘሎና ወፍርን ጎስጓስን ምምዝጋብ ህዝብን ኣዝዩ ሃሳይን ኣጸጋምን ኣኽሳርን ኮይኑ ረኺብናዮ ኣሎና።

ብመሰረት ሓው ዳንኤል ዝሰደድልና መብርሂ ኢ-መይል ኣብቲ ናይ 30 ግንቦት ምስ ዓብዱ ከንቲባይ (ኣውስትራልያ) ዝተጸሓሓፎ ሓው ዳንኤል ነዚ ግራፊክስ ንምስራሕ ብኣጋጣሚ ዝገበሮ ጌጋ ዘይኮነስ ኮነ ኢሉ ብዙሕ ግዜን ዓቕምን ዘጥፈኣሉን ምዃኑ ተረዲእና። ጉድለቱ ተረዲኡ ክንዲ ቅልጡፍ መእረምታ ወሲዱ ይቕሬታ ዝሓትት፣ ሳዕቤኑ ካብ ዘይምርዳእን ነቲ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው ብግቡእ ካብ ዘይምንባብን ዘርኢ ጥራይ ዘኮነስ ካልእ ዕላማ ዘለዎ ኮነ ኢልካ ዝቃነ ፖለቲካ ሓዘል ህልኽ እዩ'ውን ክኸውን ይኽእልዩ ዝብል ሚዛን ከነንብር ገይሩና'ሎ።
እዚ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝተፈጸመ ተርእዮታት፣ ንኣብነት፣
1. ካብ መጀመርያ ናይ ሚድያ ሰሜን ኣሜሪካ ግላዊ ቅርጺ ብምውጻእ ምስዘይሰለጠ ከኣ ኣብ ቶሮንቶ ቅልውላው ዘእተወ ኢድ ኣእታውነት ንነዊሕ ከም ዘሳቐየናን
2. ኣብ ናይ 5 ታሕሳስ 2010 ዝተገብረ ሓው ዳንኤል ዝወደቦ ናይ ፓልቶክ ዝፈጠሮ ቅልውላው፣
3. ግቡእ ናይ ፈጻሚት ቦትኡ ብምልላይ መደብ ክህቦ ዝኽእል ፈ/ቤት ጽሕፈት ኢዩ ናብ መንበር ተወከስ ስለ ዝበልናዮ፡ ብኮምሽነራት ሰሜን ኣሜሪካ ዝተገብረ ዑደት ናብ ስተይት ደፓርትመንት ከም ገበን ቆጺሩ ንብምልኡ ናይ ተቓውሞ ውድባትን ባእታትን እናደወለ ስምና ብምጽላሙ
4. ኣብ መንጎ ኪዳንን ሲቪክ ማሕበራትን ዘሎ ፍልልያት እናኣጋነነ ሓንሳብ ሓላፊ መሲሉ ምስ ኪዳን ዝወገነ ሓንሳብ ናብ መንእሰያት ዘዛዘወ መርገጻት ጌሩ ምስ ወኪል ኢ.ጂ.ኤስ ኣብ ኮምሽን ውልቃዊ ህልኻት ፈጢሩ ንነዊሕ ከምዘህለኸና
5. ኣብ ናይ ላስ ቬጋስ ኩነታት ነገረ-ከራርን ነገረ-ዳዊትን ኢድ ምትእትታው፣ ነገር ምጽሕታርን ምስዋርን
6. ናይ ኮምሽን ክልተ መናብር ናብ ካልኦት ሓይልታት ዘይተዋህበ ኢልካ ምስኣቶም ኣንጻር ኮምሽን ውዲት ምክያድ
7. ንምንታይ እከለ ካብ ኢመይል ሊስት ኣውጺእኩሞ ብማለት ኣብ ውሽጢ ኮምሽን ናዕቢ ክፈጥር ምፍታን
8. ኣብ ናይ ኮምሽን ዌብ ሳይት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝርከቦ ናይ መራሕቲ ህግደፍ ካብ'ቲ ዌብ ሳይት ድሕሪ ምቕራቦምን ንኽእለዩ ብተደጋጋሚ ብጽሑፍን ብቓልን ብደረጃ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ኮምሽን እኳ እንተተነግሮ ከየልዓሎ ምቕጻሉ ዕላምኡ ኣብ ዘጠራጥር ኩነታት ኣእትዩና'ዩ።
9. ተመሊሱ ዘይተደልየ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ኮምሽን ዞባ ኣሜሪካ ዘይ ቅቡልን ዘይምኽኑይን ክሲ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብሕሱር ናይ ኣውራጃውነት ዘየሎ ክስታት እናፈጠረረ ንሓድነትና ክፈታትን ምፍታኑ፣
10. ኣብ ናይ ፓልቶክ ዘስመዖን ዘንጸባርቖን ዘይቅቡልን ትሑትን ባህርያት ወዘተ...

11. ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኮምሽን ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ገንዘብ ሕሳብ ዘየቕረበ ክነሱ ንጸብጻባት ሰሜን ኣሜሪካ ፈጻሚት ከምዝሓብኣቶ ከምስል ተመኹልዩ ኣብ ኣኼባ ብምንባብ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ፈጢሩ ንኸናዕብ ክምዝገበረ፡
እዚ ኩሉ ኣብነታት ሓው ዳንኤል ተወልደ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ሓላፍነት ማዕረ ክንደይ ዘይብቑዕን ኣብ ዘይቦትኡ ከምዘሎን ዘርኢ እዩ፣
ነዚ ኩነታት'ዚ ተረዲኡ ኮምሽን ኣድላይ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ፣ ንኮምሽን እውን ኣብ ሚዛን ህዝቢ ዘእቱ ስለዝኾነ፣ ኮምሽን ንሓው ዳንኤል ካብ ናይ ኣቦ መንበርነት ዜናን ሓበሬታን መዝነት ጠጠው ከብሎን፣ ብብቕዓትን ተመኩሮን ዘለዎ ባእታ ክትክኦን ንላቦ።

ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ፣
ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ፣
ሰነ 2, 2011